ንሸቐጥቲ ውሽጣዊ ኣካላት መናእሰያትና ዘይፈለጠ ይፍለጦ

እዚ ኣብዚ ጽሑፍ ሰፊሩ ዘሎ: ሓበሬታ ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪን ምክትታልን ብጉዱሳት ኤርትራውያን ተቃለስቲ ባእታታት ኣብ ዝተፈለለየ ኩርናዓት ዓለም ዝርከቡ ግዳይ ናይቲ ኣሪመናዊ ኢሰብኣዊ ተግባራት ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ዝኾኑ ዝረሓቑን ዝቐረበን ብኤርትራዉነቱ ሕልናኡ ዝሓመመ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን መንእሰያት ዝፈጸም ዘሎን ዝጸነሐን ሕጂዉን ዝቅጽል ዘሎን ዓበይቲ ገበናትተተሳተፍቲ ዋናታቱን መሻረኽቶምን ንምፍላጥ ዓብይ ጻዕሪ ከነካይድ ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ዝተወሰነ ጭቡጥ ዝኾኑ ገለ ኣብዚ ተዋሳእቲ ዝኾኑ፡ ዝጸነሑን ዝቐጸሉዎ ዘለዉን ባእታታት ኣስማቶም ቀድሚ ምጽሓፍና ክንረጋግጾ ንደሊ ሓተታት ኣሎ።

ቀዳማይ፡ እዚ ኣብ ልዕሊ መናእሰይ ኤርትራ ጭካን ኣረሜናዊ ገበን ዝፍጽም ዘሎ ሰፊሕ ናይ ማፊያ መርበብ ም'ኳኑ ኩሉ ህዝቢ ዓለምና ዝፈለጦ ሓቂ'ዩ።

ሀ. ዝርገሐ ናይዚ ማፊያ ሓይሊ'ዚ ኣስመራ **ብላዕለዎት ኮረነላት ህ.ግ.ደ.ፍ** ሱታፌ ብኣሳሓት ዶላራት እናኽፈሉ ካብ ኤርትራ ናብ ሱዳን የሰጋግሩ።

ለ. ተሓባበርቶም ከኣ ምስ **መርበብ ራሻይዳ** ተዋሃሂዶም እቲ ናይ ምስግጋር ጉዕዞ ብሲናይ ኣብሉ ክሳብ እስራኤል ይቕጽል

ሐ. **ገለ ሱዳናዉያን** ኣዉን እንተኮነ ኣብዚ ገበናትዚ ተዋሳእቲ ኢዮም። እቲ ዘሕዝን ግን ኢርትራዉያን ንንብሶም ኣብ ክልተ ጉሩብ ተመቓቒሎም ምስ ሱዳናዉያንን ረሻይዳ ተወሃሂዶም እዚ ገበን ኣብ ምስልሳል ቀንዲ ተዋሳእቲ ባዕሎም ኤርትራዉያን ም'ኳኖም ኢዩ።

መ. ካብ **ኢትዮጵያ ንሱዳን** ዝሰጋግሩ ናይ ማፊያታት ዕላማ ዘሳልጡ ደላሎ ኣብ **መዓስከር ስደተኛታትን ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ኣብ ትግራይን ጎንደርን** ይርከቡ። እዚ ናይ ጥፍኣት መርበብ እዚ ተዘርግሁሉ ዘሎ ሃገራት 1) ኤርትራ፡ 2) ሱዳን 3) ኢትዮፕያ 4) ግብጺ 5) እስራኤል ኢየን።

እቲ ዘሕዝን ንመናእሰያት ኤርትራ ጆሆ ብምሓዝ ኣሻሓት ዶላራት ብኣስግዲድ እንዳ ኣኽፈሉ ብቑጽሪ ሒሳብ ባንክ **ኣብ ሰዑዲያ ኣብ ዱባይ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ሱዳን** ወዘተ ይቕበሉዎ።

ሕጂ እምበኣር ድሕሪ እዚ ሓፈሻዊ መቅድም፡ ብክልተ ዝተጻረዩ ቀንዲ ናይቲ ኣሬሜናዊ ተዋሳእቲ ዝኾኑ ክልተ ጉሩብ (ክልተ ጉጅለታት) ካብ ዝበጻሕናዮም ጭቡጥ ሓበሬታ ንህዝብናን ንፈተውትናን ነቶም ናይዚ ኣሬሜናዊ ግፍዕታት ግዳይ ዝኾኑ ስድራቤታት ኤርትራዉያን ከንቶ ከም ዘይጥፍእን ወዕሉ ሓድሩ ገበነኛታት ኣብ ፍርዲ ዝቀርብሉ ግዜ ሩሑቕ ከምዘይኮነ ከነረጋግጸልኩም ንፈቱ።

እምበኣር እቶም ተወዳደርቲ ክልተ ናይ ማፊያ ጉጅለታት መራሕተን ኣስማቶም ክንጠቅስ እና።

ቀዳማይቲ ጉጅለ

ስም፣ የውሃንስ ማሕራይ ብጆን (ብወዲ ማሕራይ) ዝፍለጥ። ዓዱ ዑና ዓንዶም (ጭዓሎ)። ተሓባበርቲ ኣብ ኤርትራ ኣብ ሱዳን ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ምስርን እስራኤልን ኣሎዎም።

ካልኣይቲ ጊጅለ

ስም፣ ኣንገሶም ጠዓመ ኣከለ ተወሊዱ ዝዓበየሉ ዓዲ ቐይሕ። ሑሉፍ ታሪኹ ምስ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ሃገራዊ ድሕነት ኮይኑ ንጹሃት ኤርትራዉያን ዝገፍዕ ዝነበረ ሰብ ኢዩ። ተሓባበርቱ ድማ ኣብ ኤርትራ ሱዳን ኢትዮጵያ ምስሪ እስራኤል ይርከቡ።

እዞም መራሕቲ ገበነኛታት ክልተ ጉጅለ ደቂ ኣውራጃ ኣከለ ጉዛይ ኮኖም ብኸባቢ እንተኾነ'ዉን ተቐራረብቲ ኢዮም።

እቲ ናይ ማፌያ ስራሕ ኣብ ምጅማሩ ብሓባር ከም ዝነበሩ ድሕሪ ቁሩብ ጉዕዞ ግን ኣብ ከቢድ ናይ ገንዘብ ዉድድር ኣትዮም ኣብ መንጎ ክልትኦም ጽልኢ እንዳ ሰፈሐ ክዕራቕ ዘይኽእለ ምትህልላኽ ነጊሱ። ብምኽንያት ኣብ መንጎ ክልትኦም ዝተፈጥረ ዘይዕረቕ ሽግር ኤርትራዉያን መናእሰያት ቁጽሮም ብኣሽሓት ህወቶም ሓሊፉ ኢዩ። ኣካላት መናእሰይ ኤርትራዉያን ተበታቲኹ ኣብ ዕዳጋ ኣውዕሎም ኢዮም።

ንኣብነት ጉጅለ ወዲ ማሕራይ (ጆን) ካብ ጉጅለ ኣንገሶም ዝኣከቦም ተሰጋገርቲ መናእሰያት ኤርትራዉያን ብዘይ ፍቓድ ኣንገሶም ወሲዶም ኣብ ኒል ባሕሪ ብኣረጊት ጀልባ ክጥሕሉ ከምዘለዎም ይገብር። ብዙሕ ኤርትራዊ ህይወት ድማ የህሊቑ።

ጉጅለ ኣንገሶም ድማ ናይ ግብረ መልሲ ካብ ናይ ጆን ጉጅለ ዝተኣከቡ መናእሰያት ወሲዱ ኣብ ሓደ ዕጹው ቦታ ብምእታው ኣንገሶምን ተሓባበርቱ ራሻይዳ ኮይኖም ካብ ነብሲ ወከፍ እሱር 30 ሽሕ ዶላር ብምሕታት እቲ ዝክፈል ክፈሉ እቲ ዘይከፈለ ድማ ኣካላቱ ከም ናይ በጊዕ ስጋ ተመቓቂሉ ተሸይጡ። ብዙሓት ኤርትራዉያን ድማ ኣጥፊኦም። ድሕሪ እዚ ኣብ ልዕሊ ደቂሰባት ጭካኔ ዝመልኦ ኣሬሜናዊ ዉድድርን ምትህልላኽን ኣብ ዝኸፈአ ጠረዙ በጺሑ'ዩ። ክልተ መራሕቲ ጉጅለታት ንክቀታተሉ ተዳለዩ።

በዚ መሰረት ወዲ ማሕራይ (ጆን) ንኣንገሶም ንምቕታል ናብ ኢትዮጵያ መጽኡ ደልዩ ስእኑዎ ከም ተመልሰ ናብ ሱዳን ይሕበር።

ኣንገሶም ንሱ ዝመርሓ ጉጅለን ብወገኖም ንወዲ ማሕራይ ንምቕታል ብዙሕ ተንቀሳቒሶም ከይተዓወቱሉ ኣይተርፉን ኢዮም ይመስለና፣ ሃለዋት ወዲ ማሕራይ ካብ ሱዳንን ምስርን ጠፊኡ ኣሎ። ንምኻኑ ኣንገሶም መን ኢዩ። ንኣንገሶም ጠዓመ ወጅሀ ጠዓመ ከሰተ ጠዓመ ነዚ ዝተጥቅሰ ኣንገሶም ኩሉ ባዕሉ ኢዩ። ካልእ እዉን ክህሉ ይከኣል ኢዩ።

እምበኣር እዚ ዝተጠቕሰ ማፌያ ሕጂ ቀንዲ መዋፈርኡ ኢትዮጲያ ኮይኑ ምስ ተፈላለዩ ሰባት ሽርክነት ፈጢሩ እቲ ኣብ በረኻታት ሲናይ ኤርትራውያን መንእሰይ ሸይጡ ዘኣከቦ ገንዘብ ዶላራት ቁጽረን ብርክት ዝበለ ናይ ጽዕነት መካይን ገዚኡ የንቀሳቅስ ከም ዘሎ ይፍለጥ። እዚ ጥራ ዘይኮነ እቲ ናይ ስራሕ ሕጂዉን ብዘይ ምቁራጽ ምስቲ ንሱ ዝመርሓ ጉጅለ ብዘመናዊ መሳረሒታት እንዳ ተሓገዘ (እንዳ ተራኸበ) ኤርትራዉያን ኢትዮጵያዉያን ሶማላዉያን መናእሰያት ብመንገዲ ሑምራ መተማ ኣብ ምስግጋር ይርከብ። ነዚ ናይ ማፌያ ስራሕ

ምስላጥ ዝኾና ናእሽቱ ዘመናዊ መካይናት ከምዘለወአ ይግለጽ። ሓንቲ ከም ኣብነት ንምጥቃስ ናይ ኢትዮጵያ ተርጋ ዘለዋ 69530 ኮይና ኣብ ዶብ ሱዳን ምስ በጸሐት ናይ ሱዳን ተርጋ ትቕይር ምዃነን ይንገር። እዚዉን ከይኣኽሎ ኣብ ውድባት ኤርትራ ከም መሕበኢ ክጥቀመሎም ይፊትን ከም ዘሎ ሩጉጽ ሓበረታ ኣሎና። ነዚ ገበነኛ ክሕተት ምዃኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

መልእኽቲ ንመንእሰያት ኤርትራ ብሓባር እቲ ኣብ ላዕሊ ጠቒስናዮ ዘሎና ዓበይቲ ሽግራት ጠንቅን ዋኑን ስርዓት ህ.ግ.ድ.ፍ ኢዩ። እዚ ስርዓት እዚ ኣብ ምውዳቕ እጃምካ ኣልዕል ንሂወትካን ክብርኻን ዋጋ ሃቦ ንስድራቤትካን ኣሕዋትካ ሃገርካን ዝኽፈል ዘሎ መስዋእቲ ተረድእካ ቆላሕታ ግበረሉ። ተኸታተሎ ድማ።

ካብ ጉዱሳት ኤርትራዉያን

ወዲ በርሀን

ዓንድኪኤል ተወልድ

ካብ ተል ኣቢብ ኤስራኤል